TIGRINJA

# ሓደስቲ ጥብቒ ሃገራውያን ምኽርታት

**ካብ ታሕሳስ 14 ጀሚሩ፡ እቲ ንኹሉ ሰብ ንመልከፍቲ ኮቪድ-19 ንምዕጋት ሓላፍነት ዘሰክም ጥብቒ ሃገራዊ መምርሒን ህዝባዊ ምኽርን ኣብ ግብሪ ኪውዕል እዩ። ኩሉ ኣባል ማሕበረሰብ፡ ውልቀሰብን ናይ ስራሕ ሓላፍን፡ ንምስፍሕፋሕ መልከፍቲ ኮቪድ ንምዕጋት ስጉምቲ ናይ ምውሳድ ሓላፍነት ኣለዎ። እዚ ድማ ኣብ ግዜ ምጽምባል በዓላት እውን የገልግል እዩ።**

**ካብ ምዝርጋሕ ኮቪድ-19፡ ንገዛእ ርእስኻን ንኻልኦትን ንምክልኻል ውልቃዊ ሓላፍነት ኣሎካ። ካብ ታሕሳስ 14 ንደሓር ከምዚ ዚስዕብ ንኽትገብር ግዴታ ኣሎካ፥**

- ምልክት ምስ ዚረኣየካ ኣብ ገዛ ጽናሕ
- ነቲ ምስ ቀረባ ብጾት ዘሎካ ርክባት ደርቶ
- ምስ ካልኦት ዘሎካ ርሕቀት ሓሉ፡ ካብ ጽቕጥቅጥ ዝበዝሖም ቦታታት ድማ ረሓቕ
- ብዚከኣል መጠን ብውሑስ ዝኾነ መገዲ መገሻኻ ኣሳልጥ
- ክሳዕ ዚከኣለካ ካብ ገዛ ኴንካ ስራሕ
- ግሩም ናይ ኣእዳው ንጽህና ይሃሉኻ
- ነቶም 70 ወይ ልዕሊኡ ዝዕድሚኦም ወይ ኣብ ኣስጋኢ ጉጅለ ዘለዉ ሰባት ክትበጽሖም ከሎኻ ተጠንቀቕ።

**ብተወሳኺ ኣንብብ**

Region Östergötland

LÄNSSTYRELSEN ÖSTERGÖTLAND